# ‘ተመን ምእንቲ ኸብዱ ይኸይድ ብኸብዱ’

ብምኽንያት ናይዞም ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ መጋቢት ግዳይ ናይ ማእከላይ ባሕሪ ዝኾኑ 400 ንጹሃት ኣሕዋትናን ኣሓትናን ደቅናን ዝተሰምዖም መሪር ሓዘን ንምግላጽ፣ ከምቶም ኩሎም ኣብ ምሉእ ዓለም ዝርከቡ ኤርትራውያን ዘካየድዎ፣ ኤርትራውያን ካናዳውያን ተቐማጦ ቶሮንቶን ከባቢኣን ከምኡውን ካብ ከተማ ኦታዋን ዝርከብዎም ኣብ ዝሓለፈ ሰኑይ 18 ሚያዝያ ኣብ ከተማ ቶሮንቶ ኣብ ፊት ባይቶ መንግስቲ ኣንታርዮ- ኪንስ ፓርክ- ዕዉት ሰላማዊ ሰልፊ ኣካይዶም።

ንቤተ-ሰብ ናይዞም ክሎም ዝሞቱ ጽንዓት ይሃቦም እንዳበልኩ ንምዉታት ንምዝካርን ጉዳዮም ብመንግስቲ ካናዳ ተጻርዩ ከምዚ ዝዓይነቱ ዘሕዝን ሓደጋ ንመጻኢ ንኸይጋጥም ስርሖምን ናብርኦምን ገዲፎም ኣብ ሰልፊ ዝተረኽቡ ንኹሎም ተሳተፍቲ ሕልናኹም ይጽናዕ ክብል ይፈቱ። ወዲ-ሰብ ካብ ካልእ ፍጡራት ፍሉይ ዝገብሮ እንተድኣሃልዩ ምእንቲ ካልኦት ሕልና ምህላዉ ጥራሕ እዩ። እዚ ሕጂ ንህዝቢ ኣጋጢሙ ዝርከብ ዘሎ ሕሰምን ሽግርን ስቅያት ከምቲ ናይ ቅድሚ ዝተሓልፈ ጸበባ ክሕለፍ እንተድኣ ኮይኑ ኸኣ ጹቡቕ ታሪኽ ድኣምበር ሰብ ነባሪ ከምዘይኮነ ተገንዚብና ኣብ’ዚ ፈታኒ መድረኽ ምስ ውሽጣዊ ሕልናና ክንተሓሳሰብ ይግባእ። ኣብ ዝሕለፈ ኣዋርሕ ኣብ ጃፓን ዘጋጠም ሓደጋ ሱናሚ ደቂ ሓውቦና ወይ ድማ ደቂ ሓትነና ኮይኖም ዘኮይኑ በቲ ዘጋጠሞም ሓደጋ ኩሉ ሕልና ዘለዎ ወዲ ሰብ ሓዚኑ። 325 ኤርትራውያን ኣብ ባሕሪ ጉዳዮም ብዘይተፈለጠ ምኽንያት ኣብ ባሕሪ ጥሒሎም ኣካላቶም ብጠያይት ተወቒዑ ጉዳዮም ክጻረ ኣለዎ ምባልን ዓዶም ገዲፎም ዘውጽውኦም ዘሎ ጉዳይ መፍትሒ ክግበረሉ ኣለዎ ንዝበለስ ትሕግዞ’ምበር ክንደይ ዓበይትን ንኣሽቱን ዘለውዎ ቦታሃገር ካናዳ ዝፈቐደሎም መሰሎም ክትክልክሎምን ምኻን ምስ ኣበየካ ድማ ማእከላይ ኢድካ ከተጽኣሎምን ኣውኡ ኮይንካ ንኅይቶትካን መሻርኸትኻን ጸብጻብ ከተሕልፍን ኣብ ልዕሊ መሬት ዘሎ ፍጡር ዘይጸወር’ዩ፣ እቶም ኣብ ግዜ መግዛእቲ ኣብ ዘበን ሃይለስላሴ መግዛእታዊ ሕጊ ተጠቂሞም ኣብ ማእከል ኣዲስኣበባ ኤርትራ ኢትዮጵያ ኣይኮነትን ኢሎም ኣድማ ዘካይዱ ዝነበሩ ገለ መራሕቲ ህግደፍ ሕጂ ድሕሪ ነጻነት ኤርትራ መሰል ናይ ኣድማ ኣይኮነን መሰል ናይ ምዝራብ ዘይብላ ሃገር ጌሮማ መሪሩዎ ንዝወጸ ድማ ብናይ ዝነብረሉ ሃገር ሕጊ ተጠቒሙ ጉዳይ ናቶ ኣብ ምእከላይ ባሕሪ ዝጠሓሉ ኤርትራውያን ንኽጻረ ሰላማዊ ሰልፊ ንዘካየዱ ክትክልክሎም ምፍታን ናይገበን ገበን ስለዝኾነ ኣብዚ ጉዳይ ንኽብትኑ ዝተረኽቡ ኣብቲ ጸሊም መዝገብ ሰፊሮም ኣለዉ፣ ስጋብ ሕጅስ ተዓጊስና። ካብ ሕጂ ንደሓር ግን ወይ ህግደፍ ወይ ንሕና ዘሎ ይተዓዘብ፣ እቲ ደበና ናይ ዓመጽቲ ክቕንጠጥ’ዩ ሕግን ፍትሕን ድማ ክነግስ’ዩ ኩሉ ይስነድ’ዩ ዘሎ መዓልቱ ምስ ኣኸለ ድማ ኣብ ቅድሚ ሕጊ ክትቀርቡ ምኻንኩም ኣይትዘንግዑ፣ ኣብ’ዚ ኹሉ ኣደዳ ሕሰምን ሽግርን ንኽንወድቕ ዝገበረና ቀንዲ ጠንቂ ብዋጋ ካልኦት ዝና። ጣዕሚ። ሃብትን ካልእ ዓይነት ስሱዕ ባህርያት ንምርዋይ ካብ ምድላይ ምኻኑ ንስሕቶ ኣይመስለንን። ድሕሪ እቲ ነዊሕ ዓመታት ህዝቢ ኤርትራ ዘሕለፎ ሽግርን ከርተትን ነቲ ኣብ ባይታ ዘሎ ኩነታት ንምርዳእ ንኻልእ በለጽን ስስዕትን ኢሉ ዓይኑ ክደፍን ዝደልየ ሰብ እንተዘይኮይኑ ክጋገዮ ማለት ዘይሕሰብ ጉዳይ እዩ። እንብኣርከስ ኣብ’ቲ ቀንዲ መበገስየይ ኣርእስቲ ንኽምለስ፤ ኣብ’ዚ ኣውያት ናይዝኦም ስዉኣትና ንምስማዕ ኣብ ቶሮንቶ ዝተኻየደ ብኽሉ ሽነኻቱ ማለት ብልምዲ ይኹን ብመንፈሳዊ ቅዱስ ንዝኾነ ሰላማዊ ሰልፊ ሕንኽ ከይበሉ ንኽዘርጉን ከዕገርጉሩን ክጻረፉን መኪንኦም ሒዞም ዝተረኽቡ ኣብ ስእሊ ተለጢፎም ምስ ርኣኽዎም ሰብ ምኻነይ ከንዕቕኒ











ተግባራት ናይዞም ሕልና ኣልቦ ዝኾኑ ትሕተ ፋጡራት ኢልካ ክትገልጾም እትኽእል ሰባት ዝፈጠረለይ ሕርቃንን ጋሂን ኪቃጻጸሮ ስለዘይካኣልኩ ምስ ገለ ገለ ኣዕሩኹተይ ካብ ምንታይ ተቢጊሶም ስጋብ ከም'ዚ ዝኣክል ነወራምን ፋንፉን ስራሕ ንኽካይዱ ተዋፊሮም ኢልና ከነዕልል ምስ ጀመርና ካብ'ቲ ተግባራቶም ንላዕሊ እቲ ምኽንያት ናይ ተግባራቶም ዝኸፍአ ኮይኑ ጸኒሑና፣  እቶም ነተን ከም ዕቡዳት ኣኽላባት ክነብሓ ዝመጻ ከም ጁሉላት ኩሉ ተቐመጣይ ቶሮንቶ ዝፈልጠን ሳራ ተስፋማርያምን ገነት ገብረሱስን ብመኪና መሪሖመን ዝመጹ ናይ ጉሓፋት ጉሓፋት ዓቀይቶት ተኽለ ስምኦንን ኢፍሬም ወልደሳሚኤል ዝባሃሉ ኮይኖም ታሪኽ ህይወቶም ንኽትጽሕፎ እትረፍ ንኽትዛረበሉ ዘሕፍር ጉዳይ እዩ፣ እዞም ዓቀይቶት ያኣይ ጃሱሳት ምኻን ከም ሞያ ወሲዶም ሰል ፎን ተሓንጊጦም ንጎይትኦም ብብልሽውናን ስኽራን ዝልለ እስቲፋኖስ ንጉሰ ጸብጻብ ንምሃብን ከፈራርሑን ከጉባዕቡዑን ዝደፋፉኦም ንኣይሽቱ ከይንብሎም ሻብዓይ ጾግሪ ከብቅሉ እንተዘይኮይኖም እዞም ንርእዮም ዘሎና እዮም።



ተኽለ ስምኡን  እስቲፋኖስ ንጉሰ  ኢፍሬም ወ.ሳሚኤል  ሳራ ተ.ማርያም  ገነት ገ.የሱስ

እቲ ናይ ሓሶት ሑሉፍ ሃገራውነት ዝለብስዎ ቆቡዕ ይኹን መረጸን ቀንጢጡ ንዝፈልጦም ብዘይካ ኲቱር ስስዕትን ዝርፋን በለጽን ቅጥፈትን ካልእ ዝኾነ ዓይነት ሃገራዊ ይኹን ማሕበራዊ ሕልናዊ ስምዒታት ዘይጸልዎም ዕርቃኖም ዝወጹ ሰባት እዮም። ከምቲ ኣቦታት ክምስሉስ ካብ ባሕር'ስ ብማንካ ከምዝብልዎ፣ ተኽለ ስምኦን እንተድኣ ወሲድና ኣድራሻኡ ኣብ 275 ብላክክሪክ ካብ መንግስቲ ኣንታርዮ ንድኻታት ተባሂሉ ዝተዋህቦ ገዛ፣ ኣብ ክንዲ ንመንግስቲ ከምቲ ጉቡእ ዝመልሶ። ንኻልኦት ጹጉማት ኤርትራውያን ብኹቡር ዋጋ ኣካርዩ። ካብኡ ዘእተዎ ገንዘብ ተጠቒሙ ኣብ ሮጀርስን ዳፍሪን ዝርከብ ከባቢ ገዛ ገዚኡን ሞርጎጁ ካብኡ እንዳኸፈለ ምስታ ሐሚኡ ገንዘብ ናይ መንግስቲ እንዳኣጠፋፈአ ዝነብር ጉዕዙይ ዝኾነ ሰብ እዩ፣ እዚ እንዳሃለዎ ከም ጃሱስ ሓሶት ንህግደፍ እንዳቀባበለ ሰብ ካብ ዓዱ መሪርዎ ንዝልቐቐሉ መሬት ተራስትዩ ኣብ ሰምበል ገዛ ንኽሰርሕ መሬት ተዓዲሉ ይርከብ፣ እዚ ሰብ'ዚ  ዓዱ ከባቢ ኣስመራ ማለት ዓዲ-ንፋስ ኮይኑ ናይ ዓዱ ዝተማሰሖ መሬት ኮሎዎ ክንሱ እዩ። ደረት ዘይብሉ ስስዕቲ እንተተባህለስ ምግናን ኣይኮነን፣ ናይ'ዚ ሰብ'ዚ ስስዕቲ ናይ ሕሉፍ ሕሉፍ ዝኾነ እዩ፣ እስከ ንሕሰበሉ- ሰብ እትረፍ ዝውንኖስ ገዛ'ስ ዝካረዮ ሲኢኑሉ ደቁ ንምዕባይ ጸቢብዎ ኣብ ዘሎ ኲነታት ሃገርና፣ እዚ ሰብ'ዚ ኽኣ ብሃገር እንዳሸቐጠ ብዋጋ ናይቶም ንምሉእ ህይወቶም ተቓሊሶምን ተሰዊኦም ዘምጽእዋ መሬትን ሃገርን ኣርባዕተ ገዛ ክውንን ተራእይዎ፣ ናይዚ ሰብ ናውራም ስራሓት ገሊጽካ ዝውዳእ ኣይኮነን። እዚ ኹሉ ንህግደፍ ናይ ዓቀታይ ተልእኾ ስርሓት ዝፍጽመሎም ፈትይዎም ዘይኮነስ ዝበረቐ ጻሓየይ ዝነገሰ ንጉሰይ ዝብል ሽርሒት ተጠቒሙ ብኣቃራጭ ንኽህብትም ዝገብሮ ወፍርታት እዩ። ንኣብነት መምጺኦን ዘይፍለጣ ማካይን ንኻልኦት ኤርትራውያን ዘይፍቀደሎም ከም ዓሰቢ ንጎይቶቱ ዝህቦ ኣገልግሎት ተቐጺሩሉ ካብ ቶሮንቶ ንኤርትራ እንዳእተወ እዚ ዘይብሃል ሃብቲ ክድልብ ምጽንሑ ናይ ኣደባባይ ምስጢር እዩ፣ ጉዳይ ናይ ኢፍሬም ወልደሳሚኤል ከምቲ ኣቦታት'ሲ ክምስሉ እንከለዉ ዝብእ'ስ ኣብ ዘይፈልጦ ዓዲ ከይዱ ኣጎዛ ኣንጹፉለይ በለ ከም ዝባሃል፣ ያኣይሲ ኢፍሬም ጉዱስ ሃገራዊ ኮይኑስ ናይ ደቂ-ስዉኣት ሕድሪ ሓላፊ ኮይኑ ኣብ ቶሮንቶ ወዘኸ ወዘኸ እንተበለስ ንኑብሱ ከታልል እንተዘይኮይኑ ንኻልእ ሰብ ከታልል ከምዘይክእል ክሕበሮ ይግብኦ። ስድራ ስውኣት ንምሕጋዝ እንተደኣ ኮይኑ ብጉቡእ ተለልዮም ብቐጥታ ነቶም ስድራቤታት ምሕጋዝ እምበር ንመንግስቲ ምሕጋዝ ድኣ እንታይ ትርግም ኣለዎ፣ መንግስቲ ደኣ ብዓቢኡ ዝተዋህቦ ሓገዝ እንዳመንዝዔስ ነዚ እሞ ሓንጊፉይ እዩ ዝብለካ፣ 20 ሰነ መዓልቲ ስውኣት ክንሱ ነዞም ንመበል 20 ዓመት መዓልቲ ናጻነት ከኽብሩ ዝኸዱ ጃሱሳት ናይ መደቀሲኦምን መስተኦምን ካልእ ወጻኢታቶም ንምሽፋን ተባሂሉ ኮነ ኢልካ ብሽም ስውኣት ሰብ ደንጊጹ እንተሃበ ተባሂሉ ኣብዘይ መዓልቱ ኣብ ዝሓለፈ የካቲት ናይ ደቂ ስውኣት በዓል ተጊሩ፣ ግብረ-ሰናይ ኣብ ገዛኻ እዩ ዝጅምር ዝብሎ ሲኢኑ ድዩስ ዋላ ኣይፈልጡኑን ብምባል'ዩ! ንበዓልቲ ቃል-ኪዳኑ ሓንቲ ዘይገበረቶ ፈቲሑ ከም ዓሰቢ ናይቲ ንህግደፍ ዝገብሮ ናይ ዓቀታይ ኣገልጉሎት ኣብ ኣስመራ ኮይዱ ገና ሃገራዊ ኣገልጉሎታ ዘይወደአት ጋሉ ትኾኖ ኣብ ዝቐረባ ዓመታት ተመሪዑ ብኣቃራጭ ንካናዳ ንኽምጽኡሉ ዝግብሮ ዘሎ ናይ ሃልኪ ሽርሒት ካብ መኻን ሓሊፉ ካልእ ትርጉም ከምዘይቡሉ ካብ ማንም ሰብ ኲውል ከምዘይኮነ ክርዳእ ይግብኦ። እቶም ብድሕሪ መጋረጃ ኮይኖም ዝልእኽዎ ዘሎዉ ናይ ህግደፍ ጎይቶቱ ዝሳሓትዎ ክመስሎ ይኽእል ይኸውን። እዞም ክልተ ዝተገልጹ ሰባት ካብ ዓቀይቶት ምኻን ሓሊፎም ካልእ ትርጉም ዘሎዎ ተራ የብሎምን። እቶም ብድሕሪ መጋራጃ ኮይኖም ኣብ ቶሮንቶን ከባቢኣን ዝርከብ ህዝቢ ብሓባር ተራዳዲኡሽግራቱን ንኸይፈትሕን ህገራዊ ብዓላቱ ንኸየካይድ ዝጻብእዎ ቀንዲ ዕሱባት ናይ ህግድፍ መን ምኻኖም ምእንታን ከለልዮም እንሆ ኣስማቶምን ስእሎምን ነቕርብ፣



እስቲፋኖስ ንጉሰ    ተመስገን ትረፈ    ሚካኤል ተወልደ    ተኽለ እንግዳ    ዳንኤል ኣርኣያ ደስታ    ዳንኤል ኣርኣያ

ናይዚኣቶም ቀንዲ መተኣኻኺቢ ምኽንያታት ገሊኦም ኣብ ዝሓለፈ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ዝነውር ታሪኽ ዝፈጽምዎ ንምሽፋን ቆቡዕ ሑሉፍ ሃገራውነት ከም መዕቆቢ ንምንዳይ፤ ገሊኦም ክኣ ዕርቃን ናይ መቦቆልን መንነት ዘሎዎ ኮይኖም ምሉእ ዜግነታዊ ማዕርነት ብናይ ህግደፍ ኣባልነት ክምጽወተሎም ዝደልዩ፤ ገሊኦም ክኣ ከምቲ ተመን ምእንቲ ከብዱ ይኸይድ ብኸብዱ ከምዝባሃል ምእንቲ ከብዶም ዝተሸጡ እዮም። ኣባል ህግደፍ'የ። ኣባል ዝኾንኩሉ ዕላም ግን ሕግን

ፍትሕን ንኸነሰፍን'በር ሕግን ፍትሕን ክንዕምጽጽ እንተድኣ ኮይንና ኣባልነተይ ሲሒበ ኣለኹ፣ ኣብ ዝስዕብ ዝርዝር ብዛዕባ'ዞም ሰባትን ካልኦት መሰልቶምን ብጹሑፍ ሒዘ ስጋብ ንራኸብ እዚ ዎድሓንኩም።

ፍ. ዓወት